POLITIE



# ገበናት ኲናት ብሕጊ ከይተቐጽዑ ክተርፉ ኣይትሕደግዎም

ጉጅለ ኣህጉራዊ ገበናት

« waakzaam en dienstbaar »



## ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣካፍሉ

ኔዘርላንድ ንገበነኛታት ኲናት ውሕስቲ መሕብኢ ኣይኮነትን። ነቶም ኣብ እዋን ኲናት ጭካነታት ዝፈጸሙ ሰባት እውን ኣይኮነትን፣ ነቶም ነዚ ንኽፍጽሙ ትእዛዝ ዝሃቡ ሓለቓታቶም እውን ኣይኮነትን። ከምኡ እውን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ኣብ ከምዚ ዝበለ ወንጀላት ንዝተሳተፉ ኔዘርላንዳውያን እውን ብርግጽ መሕብኢ ኣይኮነትን።

ዝኾነ ካብ ኲናት ዝሃደመ ሰብ፣ ኣብዚ እንደገና ከምብሓድሽ ምስቶም ካብ ናቱ ወይ ናታ መበቆል ሃገር ዝመጹ ፈጸምቲ ገበናት ክፋጠጥ ኣይግባእን እዩ።

"ገበነኛ ከይተቐጽዐ ካብ ሕጊ ክምልጥ ኣይከኣልን እዩ።"

እቲ ጉጅለ ኣህጉራዊ ገበናት ምስ ኣኽባር ሕጊ ናይ ኔዘርላንድ ነቶም ሓቓታት ኣብ ምጽራይ ብምትሕብባር ይሰርሕ። ኣብ መወዳእትኡ ጉዳያት ናብ ዳኛ ክቐርቡ ኣለዎም። ስለዚ ብዛዕባ ገበናት ኲናት ሓበሬታ ኣለኩም' ዶ? ስለዚ ነቶም ፈጸምቲ ገበን ኣብ ምርካብ ሓግዙ!

ሃገራዊ ፖሊስ
ጉጅለ ኣህጉራዊ ገበናት
**Postbus 100**
**3970 AC Driebergen**
**088-6625743**
**warcrimes@politie.nl**
ትዊተር [Twitter]: @WarCrimes_NL

**www.warcrimes.nl**

# ንፖሊስ ዝኸውን ሓበሬታ ኣለኩም' ዶ ነቶም ፈጸምቲ ገበን ንምሓዝ ሓግዝዎም

እቲ ጉጅለ ኣህጉራዊ ገበናት፣ ገበናት ኲናት ይምርምር። እዚ ብመን ተፈጺሙ ብዘየገድስ፣ ኣብ ዞባታት ኲናት ዝተፈጸሙ ከም በዓል ቅትለት፣ ጾታዊ-ዓመጽ ወይ ምውራድ ስቓይ ዝኣመሰሉ ገበናት ዝምልከት እዩ። ናትኩም ተሞኩሮታት ንኽምዚኦም ዝኣመሰሉ ዘስካሕክሑ ፍጻሜታት ንምምርማር ኣዝዮም ኣገደስቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ምስዚ ፍሉይ መርማሪ ጉጅለ ናይ ኔዘርላንድ ፖሊስ ተራኸቡ።
ናትኩም ሓበሬታ ብምስጢር እዩ ዝተሓዝ፣ ኣድላዪ እንተኾይኑ ስም ብዘይብሉ።
ምናልባት ንስኹም ኣብዚ እዋን

ሓደ ኣብ ኔዘርላንድ ዝነብር ፈጻሚ ገበን ኲናት ትፈልጡ ትኾኑ ኢኹም፣ ግን ከኣ ዋላ እውን እዚ ናብ ካልእ ሃገር ዝሃደመ ምስ ዝኸውን፣ ናትኩም ኣፍልጦ ኣዝዩ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ጉጅለ ኣብ ከም በዓል ርዋንዳ፣ ኣፍጋኒስታን፣ ላይበርያ፣ ዒራቕን ሶርያን ዝኣመሰላ ሃገራት ዝፍጸሙ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ይምርምር። ደያኑ ኣብ ኔዘርላንድ፣ ካብ ከምዚኦን ዝኣመሰላ ሃገራት ንዝመጹ ዝተፈላለዩ ፈጸምቲ ገበናት ክሳብ ንዓመታት ዝጸንሕ ማእሰርቲ ፈሪዶሞም ኣለዉ።



www.politie.nl

« waakzaam en dienstbaar »

19459-02